ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 6
ሚያዝያ 2020

# ሰብ ኮቪድ-19 እንተሓሚሙ

**መብዛሕትኦም ብኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፉ ሰባት ኣይፍለጦምን። ዉሑናት ግን ይሓሙን ሕክምና የድልዮምን።**

መብዛሕትኦም ብሕማም ኮቪድ-19 ዝተለኽፉ ዳርጋ ኣይፍለጦምን። ምናልባት ቀሩብ ይስዕሉን ረስኒ ይገብረሎምን። ካልኦት ብኽቢድ ክሓሙ ይኽእሉን ኣብ ስፒታል ክንክን የድልዮምን።

ሓደ ሰብ ብፎኩስ እንተሓሚሙ ጥራይ ናብ ዝምልከቶ ማእከል ጥዕና ወይ ናብ 1177 ክድዉል ይኽእል። መብዛሕትኡ ግዜ ሰብ ክሳብ ዝሓዊ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ'ዮም ዝብሉ። ሓደ ሰብ ምስ ሓወየ ቅድሚ ደገ ምውጽኡ ንክልተ መዓልቲ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ።

ሓደ ሰብ ሕክምና እንተደኣኣድልይዎ መጀመርያ ክድውልን ናብ ማእከል ጥዕና ወይ ስፒታል ክኣ ክይክይድን ኣገዳሲ'ዩ። ሓደ ሰብ ምናልባት ኮቪድ-19 እንተ'ለዎ ሰራሕተኛታት ጥዕና ነዚ ሰብ ብኸመይ ይከናኸንዎ ንዝምልከት ዝተወሰነ ኣገባባት'ዩ ዘሎ። ናብ ካልኦት ዘይምምሕልላፍ ኣገዳሲ'ዩ።

ብጽኑዕ ዝሓመመ ወይ ንምስትንፋስ ዝተሸገረ ናብ 112 ብምድዋል ብኣንቡላንስ ይውሰድ። ሰራሕተኛታት ኣምቡላንስ ናይ መከላኸሊ ልብስታት ይወድዩ። እቲ ዝሓመመ ጥራይ ከኣ ይዉሰድ።

ሕሙማት ኮቪድ-19 ዝቕበላ ስፒታላት ካልማርን ቬስተርቪክን እየን። ነንሕድሕድና ዘይክንለኻኽም ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኣብ ስፒታል ንዝደቀሰ ምብጻሕ ኣይከኣልን።

እዚ ንሰራሕተኛታት ጥዕና ናይ'ዚ ኣውራጃ ከቢድ ዕዮ'ዩ። ብዙሕ ይሰርሑን ንክኽእልዎ ከኣ ክተሓጋገዙን የድልዮም። ነዚ ንምቅላልን ሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ ክረምቲ ዓመታዊ ዕረፍቲ መታን ክረኽቡን ብዙሓት ነርሳትን ተሓጋገዝቲ ነርሳትን ክቑጸሩ ይድለ።

ኣቐዲሙ ኣብ ስፒታላትን መንበርታት ኮሙናትን ናይ መከላኸሊ ልብስታት ምርካብ ጸገም'ዩ ነይሩ። ሎሚ ግን ይሓይሽ።

"ሎሚ ኣብ ስፒታላት ናይ ሰራሕተኛታትን ሕሙማትን መከላኸሊ ልብስታት ኣሎ" ይብል ሓላፊ ዞባዊ ኣገልግሎታት ኣብ ኣውራጃ ካልማር ማርቲን ኡልሶን። ዋላ'ውን ኣብ ቀጻሊ ብጣዕሚ ብዙሓት እንተሓመሙ ነቲ ኩነታት ንኽንክእሎ ዝያዳ ልብስታት ንምእታው ንሰርሕ ኣለና።

ኣብ'ዚ ኣዉራጃ ብዙሓት ተወሰኽቲ ክልከፉ ይኽእሉ'ዮም። እንተኾነ ግን ስፒታላትን ኮሙናትን ይኽእልኦ'የን። ንኹሎም ሕክምና ዘድልዮም ቦታ ኣሎ።

**ሓቂ:**

ኮቪድ-19 ስም ናይ'ቲ ብኮሮና ቫይረስ ምስተለኽፍና ዝመጸና ሕማም እዩ።

Krissamverkan Kalmar län

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፤እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፤ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፤ዞባ ካልማር፤ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

Kalmar kommun